# ዕንደራ ኣቶ ኢሳያስን ሳዕቤናቱን

ኣቶ ኢሳያስ ኣብ ልዕሊ ዓለም ለኻዊ ሽበራ ዘለዎ ግብራዊ መርገጺ እንታይ ኢዩ? ጸረ ሽበራ ወይስ ዓቃብ ሽበራ?

ይዝከረኒ ናይ ሎሚ ዓመት ወይ ክልተ ዓመት ኣቢሉ ይገብር፡ ስርዓት ህግድፍ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ንነብሱ ከም ሓደ ሓያል ቅድመ ግንባር ጸረ ሽበራ ኮይኑ ኢዩ ዝቐርብ ዝነበረ:: ካብዚ ተበጊሱ ድማ ኣሜርካውያን ኣብቲ ዞባ ወተሃደራዊ መደበር ኣብ ዝደልዩሉ ዝነበሩ ግዜ ኣቶ ኢሳያስ ከይሓተትዎ ባዕሉ "ንዑ በጃኹም ወተሃደራዊ መደበር ክንበኩም" እናበለ ከም ዝለመኖም ታሪኻዊ ሓቂ ኢዩ:: ኣሜሪካውያን ግን ህያብ ኣቶ ኢሳያስ ነጺጎም ዞባዊ ወተሃደራዊ መደበሮም ጅቡቲ መረጹ::

ሎሚ'ሽ መርገጺ ኣቶ ኢሳያስ ኣብ ልዕሊ ዓለምለኻዊ ሽበራ ከመይ ኰነ? በንጻሩ ደጋፊ ሽበራ ብምኳን ኣንጻር ሕቡራት ሃገራት ኣሜርካ ኣዳዕዲዑ ጠጠው ኢሉ ክበሃል ይከኣል:: ኣብ ሶማል ዝትከል ዘሎ እስላማዊ መንግስቲ ብምድጋፍ፡ መንገዲ ፊደል ካስትሮን ናይ ሆባን ሮበርት ሞጋበ ናይ ዝምባወን ብምኽታል " ሓድሽ መግዛእቲ" እናበለ ይጭርሕ ከም ዘሎ እዛ ትስዕብ ዓንቀጽ ካብ ሓዳስ ኤርተራ ምንባብ ኡኹል ኢዩ:: [http://www.meskerem.net/hadas_eritra_editorial6-27.htm](http://www.meskerem.net/hadas_eritra_editorial6-27.htm)

ንኢትዮጵያ ፋሕፋሕ ንምባልን ንመንግስቲ ኢትዮጵያ "ወያኔ" ንምድካምን ኣብ ጉዳይ ሶማል ኢድ ብምእታው ነቲ እስላማዊ ቤት ፍርዲ ኣቐሙ ዘሎ ኣል ኢትሃድ መሳርያ ከም ዝሓገዘ ብሕቡራት መንግስታት ዝቐረበ ሰነድ እኹል መረጋገጺ ኢዩ::

ብመሰረቱ ሓደ ዲክታተራዊ ስርዓት ደጋፊ ሽበራ ተዘይኰይኑ ጸረሽበራ ክኸውን ኣይኽእልን:: ጸረ ሰላም ተዘይኰይኑ ዓቃብ ሰላም ክኸውን ኣይኽእልን:: ሰለዚ ክገርመና የብሉን::

<u>ሱዳን</u>

ኣቶ ኢሳያስ ኣብ ልዕሊ ሱዳን ዝፈጸሞን ዝፍጽሞ ዘሎን ናይ ፖለቲካ ጸወታ ኣዝዩ ዘገርም ኢዩ:: ብዘለዎ ዓቕሚ ተቓወምቲ ብምፍጣር ሓንሳብ ብደቡብ ሓንሳብ ብምብራቕ ሓንሳብ ድማ ብምዕራብ ሽግራት ይፈጥር:: ልዕላውነት ሃገረ ሱዳን ብምድፋር ስጋብ ከሰላ ዝወረረሉ ግዜ ነይሩ ኢዩ:: ተመሊሱ ድማ ኣብ መንጎ እቲ መንግስትን ተቓወምትን ከም ኣታዓራቒ ኰይኑ ይቐርብ::
እቲ ኣዝዩ ዘገርም ግን ሱዳናውያን ሰበስልጣን ምስ ኣቶ ኢሳያሰ እንታይ ዓይነት ዕርቂ (ስምምዕ) ክገብሩ ኢዮም ዝደልዩ? ንኣቶ ኢሳያስ ኣይፈልጥዎን ከይበሃል ዝኣክል ተጻዊትሎም ኢዩ:: ሱዳናውያን ንኣቶ ኢሳያስ ብምንታይ ከም ዝፈርሕዎ ኣይርድኣንን:: ብቑጠባ? ወይስ ብወተሃደራዊ ሓይሊ? ኣይመስለንን:: ብተንኰል ብሸርሒ እንተዘይኰይኑ ኣቶ ኢሳያሰ ሎሚ ዋላ ሓንቲ ዓቕሚ የብሉን:: ኣነ ብወገነይ ዝብሎ ኣቶ ኢሳያስ ንህዝቢ ኤርተራ ጨውዩ ኣብቲ ዞባ ዘዕገርግር ዘሎ ሓደ ጉርጉር ሽፍታ ኢዩ:: ዘላቒ ፍታሕ ዝርከብ ድማ ነዚ ሽፍታ'ዚ ሒዝካ ናብ ሕጊ ምቕራብ ተዘይኰይኑ ንኽይኽትረካ ምስኡ ምስምማዕ ፍታሕ ኣይኰነን:: ሱዳናውያን ሰበስልጣን ኣፈታትሓግርጭት ጭራሽ ይጋገዩ አለው::
ሕጂ'ሞ ካብ ዓዋተ ዳት ኮም (ገዳብ ኒውስ) ከም ዘንበብናዮ፡ ብምኽንያት ውጽኢት ስምምዕ ኣቶ ኢሳያስን ሰበስልጣን ሱዳናውያንን፡ ሱዳን ንተቓወምቲ ኤርትራውያን ውድባት  መእከቢ ቦታ ከምዝኽልኤቶም ኢዩ:: ኣነ በወገነይ ቅድሚ ሐጂ'ውን ደጊም ደጋጊመ ከም ዝገለጽኩዎ ናይ ሱዳን ሓገዝ ዘየተኣማምን ኢዩ:: እቲ ዘትኣማምን ናይ

ቃልሲ ባይታ ኢትዮጵያ ጥራይ ኢዩ::ካብዚ ሓሊፉ ነዚ ናይ ቃልሲ ስትራተጂ ዝቃወሙ ተቓወምቲ ኣካላት እንተሊዮም፡ ኣብ ኤውሮጳን ኣሜርካን ኰንካ ደኒንካ ካብ ምቅሓዝም ካሊእ ፋይዳ ከምዘይገብሩ ክርድኡ ኣለዎም::

__የመን__
ስርዓት ኢሳያስ ንየመናውያን'ውን ኩሉ ግዜ ምስ ኣሳቐዮም ኢዩ:: ካብቲ ናይ ሓነሽ ወረራ ቀኢሉ፡ ንገፊፍቲ ዓሳ የመናውያን እናጨወየ ዘሳቕዮም ዘሎ ናይ ሽፍታ ስራሕ ዩ:: በረኣእያይ እቲ ኣብ መንጎ የመንን ኢትዮጵያን ሱዳንን ዝቖመ ስልሳዊ ስምምዕ ሰንዓ ቅኑዕ ኢዩ ነይሩ ኣብ ግብሪ እንተ ዝውዕል:: ብፍላይ ንስርዓት ኢሳያስ ብቑጠባን (ንግድን) ፖለቲካን ኣዳኺምካ ንተቓወምቲ ሓይለታት ኤርትራ ብመሕጋዝ ስልጣን ናብ ህዝቢ ምርካብ ቅዱሰ ዓላማ ኢዩ ነይሩ:: ምስኪን ህዝቢ ኤርትራ ዋና ሲኢኑ ዘሎ ጸድቂ'ውን ምረኸቡ:: ከምዚ እንሪኦ ዘሎና ግን መንግስቲ ሱዳን ዕጥቁ ዝፈጥሔ ይመስል:: ነቶም ኣብ ሱዳን ዘለው ትቓወምቲ ሓይልታት እውን ኣሲሩ ከየረክቦም ዘስግእ ኢዩ::

__ኢትዮጵያ__
ስርዓት ህግደፍ ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ዝፍጽሞ ዘሎ ገበናት'ሞ ዘስደምም ኢዩ:: ካብ ውሽጢ ህዝባዊ ናዕቢ ኣላዒሉ ኢትዮጲያ ፋሕፋሕ ንኽትብል ዝገብሮ ዘሎ ፈተነታት ብናይ ብዙሃን መራኸቢ ማዕከናቱ ብፍላይ ከኣ ትቪ -ኤሪ ዝዝርግሖ ዘሎ ፕሮፓጋንዳ ናይ ዓይኒ ምስክር ኢዩ:: ልክዕ ከምቲ ናይ ሱዳን ሓንሳብ ብድቡብ ሓንሳብ ብምብራቕ ሕጂ ድማ ብሰሜን፡ ዝተፈላለዩ ጉጅለታት ብምዕጣቕ፡ ሓንሳብ ተጋድሎ ሓርነት ኦሮሞ (ኦነግ) ሓንሳብ ኣል-ኢትሃድ፡ ሓንሳብ ቅንጅት ሓንሳብ ዝተፈላለየ ስም ዘለዎም ግንባራት ብምፍጣር ብዘለዎ ዓቕሚ ኣብዚ ሃገር'ዚ ሰላም ከይሰፍን ይጽዕር ኣሎ:: ካብዚ ሓሊፉ ኣቶ ኢሳያስ "ዝኾነ ሓይሊ ኣኻኺብካ ንወያኔ ምውዳቕ" ዝብል ጭሮሖ ተጠቒሙ ምስ ኣል-ቃዒዳ ምትእስሳር ዘለዎም፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣብ ሶማል እሰላማዊ ምምሕዳር (ሸሪዓ) ዝኣወጁ ከም ኣል-ኢትሃድ ኣል ኢሰላሚያ ዝኣመሰሉ እዚ ዘይበሃል ኣጽዋር ኣዕጢቕካ ኢትዮጵያ ንምብትታን ዝግበር ፈተነ ካብ መስመር ዝሓለፈ ሕሉፍ ዕንደራ ኢዩ::

__ሕቡራት መንግስታት__
ኣቶ ኢሳያሰ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ጥራይ ኣይኰነን ጸገሙ:: ኣብ ልዕሊ ሕቡራት መንግስታት እውን ተጌሩ ዘይፈልጥ ትዕዝብቲ ኢዩ ኣትሪፉ:: ማንም ሃገር ጌራቶ ዘይትፈልጥ፡ ዓቀብቲ ሰላም ሕቡራት መንግስታት ብዘሕፍር ኣፈላላይ ኣገባብ ተጠቒሙ ሰጒጉ:: ጸጥታ ባይቶ ሕቡራት መንግስታት ዘሕለፎ ናይ ሄሊኮፕተራት በረራ እገዳ ውሳኔ ነጺጉ ወ.ዘ.ተ. ብዓለም ለኻዊ ሕጊ'ውን ገበነኛ ኢዩ::

እዚ ኹሉ ዕንደራ ኣበይ ንብጻሕ ኢዩ? እንታይ ተኣማሚኑ'ሽ ይኸውን? ሓያል ስለ ዝኾነ ድዩ?
መልሲ ናይዚ ሓጺር ኢዩ:: ስርዓት ኢሳያሰ ሓያል ኣይኰነን:: ብቑጠባ፡ ብወተሃደር ይኹን ብዲፕሎማሲ ድኹም እኳ ድኣ:: ስርዓት ኢሳያስ ሓያል ከብሎ ዝኽእለ ኣብ ኤርትራ ድኹም ተቓዋሚ ሓይሊ ስለ ዘሎ ጥራይ ኢዩ::

ክቡር(ክብርቲ) ኣንባቢ(ኣንባቢት)፡ ኣብ ዓለም ኣብዚ እዋን'ዚ ኣዝዩ ዝኸፍኣ ህዝቢ ምስ ዝልለ ህዝቢ ኤርትራ ኢዩ:: እወ ልክዕ ኢዩ ኣብ ዓለም ህዝባዊ ግፍዕታት ተራኢዩ ኢዩ:: ኣብዚ ዘሎናዮ ክፍል ዘመን ግን ከም ህዝቢ ኤርትራ ጌሩ ዝተገፍዔ የለን:: ስርዓት ህግደፍ ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ቅድሚ ዓለም ጥርሑ ኣውጺኡ ኢዩ ዝገርፎ ዘሎ:: እሞ ሕብረተሰብ ዓለም'ውን ኮ ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ሓላፍነት ይስምዖ ኢዩ::

ዕንደራ ኣቶ ኢሳያስ መስመር ዝሓለፈ ይመስል:: ብቕዳምነት ምምሕዳር ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ እዚ ዝበሃል ዘሎ ኢድ ምትእትታው ኣቶ ኢሳያሰ ኣብ ሶማል ምስ ዝረጋገጽ ስጉምቲ ካብ ምውሳድ ድሕር ዝብል ኣይመስለንን:: ድሮ'ኳ ኣብ ዋሺንግቶን ዝርከብ ናይ ኤርትራ ኢምባሲ ናይ ምንቅስቓስ ገደብ ከም ዝተገብረሉን ከምኡ'ውን ኤርተራውያን ነጋዶ (ወዮ ድኣ ኣብ ኤርትራ ስርዓት ህግደፍ ጥራይ ኢዩ ነጋዳይ'ምበር) ናብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜርካ ከይኣትው ተወሲኑ ኣሎ:: ቅድሚ ሐጂ'ውን ኣብ ፓናማ፣ ሃይቲ፣ ላይበርያ፣ ኣፍጋኒስታን፣ ዒራቕ ዲክታተርነት ኣልጊሶም ኢዮም:: ኢትዮጵያ'ውን ናይ ነብሰ ምክልኻል መሰል ተጠቒማ ኣብ ልዕሊ ስርዓት ህግደፍ ስጉምቲ ክትወስድ ትኽእል ኢያ:: ስርዓት ህግደፍ ድማ ብህዝቢ ኤርትራ ይኹን ጐረባብቲ ሃገራት ከምኡ'ውን መላእ ሕብረተሰብ ዓለም ስለዝተጸልኤ ዝድንግጸሉ'ውን ኣይክረክብን:: ዋእ! ንሕና ከኣ ከም ተቓወምቲ መጠን እንተ ኪኢልና ባዕልና መልገስናዮ ካብኡ ሓሊፍና "ስለምንታይ ንህዝብና ዘጥፍእ ዘሎ ሰርዓት ይህረም" ኣይንብልን፣ ጽሉላት ተዘይኰይና:: እቶም ናይ ስርዓት ኢሳያስ ተደናገጽቲ ስጋብ ሎሚ ብሽም ተቓወምቲ ብጉልባብ "ልዕላውነት" ከጽሙሙና ዝኸረሙ'ውን ሎምስ ምሒር ዕንደራ ኣቶ ኢሳያስ ተረዲእዎም ከኸውን ተስፋ እገብር:: ካብዚ ሓሊፉ ክንብሎም እንደሊ ካብ ሕጂ ይኣክል:: ብሽም "ልዕላውንት" ህዝብና እናበረሰ ኅቦታትን ስንጭሮታትን ክንሕሉ ኣይንነብርን:: "ላዕላውንት" ብዘይካ ህዝቢ ትርጉም የብሉን:: ሂወትን ክብርን ሓደ ህዝቢ ቅዳምነት ኣለዎ::

ካሊእ ከይጠቐስክዎ ክሓልፍ ዘይደሊ ብዛዕባ'ዚ ለማኽነ ቦታ ሒዙ ዘሎ "ዋዕላ ኣመሰተረዳም" ኢዩ:: ኣብ መገሻ ቀኒየ ምስ ተመለስኩ ኣብኡ ዝዋዓሉ ከም ዝሓበሩኒን ከምኡ'ውን ካብቲ ገለ ገለ ጽሑፋት ዘንበብኩዎን፣ ሽሕ'ኳ እቲ ቀንዲ መበገሲ ሰሚናር ቕንዕና እንተ ነበሮ፣ ብገለ ውድባት ወኪሎም ዝመጹ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ንምጥቃዕን ንምድኻምን ዝተወስደ ሰጉምቲ ግጉይ ኢዩ:: ነቲ ዘሎ ጥርናፈ ኣፍሪስካን ኣዳኺምካን ካሊእ ጥርናፈ ምፈጣር ዘይስነመኅታዊ ኢዩ:: ከይዱ ከይዱ ድማ ንጥቕሚ ስርዓት ህግደፍ ተዘይኰኑ  ንጥቕሚ ህዝብና ክኸውን ኣይኽእልን:: ኪዳን ድኽመት ከም ዘለዎ ንፈልጥ:: ዘሎ ድኽመታት እናኣረምካ ነቲ ዘሎ ጥርናፍ ምዕቃብ ድማ ናይ ቃለሲ ኣገባብ ኢዩ::

ኣብ መጨረሻ ክላበዎ ዝደሊ ንመሪሕነት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኢዩ:: እቲ ኩነታት ንተቓዋሚ ደንበ ምቹእ ኢዩ ዘሎ ከበሃል ይከኣል:: ነዚ መቹእ ኩነታት'ዚ ኣብ ገዜ እንተዘይተጠቒመካሉ ግን ጣዕሳኡ ብዙሕ ኢዩ:: ስርዓት ህግደፍ ካብ ሕብረተሰብ ዓለም ተነጺሉ ይርከብ:: ብመንግስቲ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ኣንጻር ስርዓት ህግደፍ ተወሲዱ ዘሎ ሰጉምቲ ክፉት ኣፈደገ ንተቓወምቲ ሓይልታት ኤርትራ ዝኸስት ኢዩ:: ካልኦት ሃገራት እዚ ኣብነት'ዚ ናይ ምውሳድ ስጉምቲ ናቱም ጽዓት ይሓትት:: ሃገራት ኤውሮጳ ይኹና ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ፣ ከምኡ'ውን ካናዳ ኩለን ዝሓሸ ኣካል ንህዝቢ ኤርትራ ዝውክል ማዕጸኤን ከፊተን ዝጽበያሉ ዘለዋ ግዜ ኢዩ:: ኣብ ሆላንድ ሱስተር በርኽ ዝበሃል ቦታ ኣብ ወርሒ መጋቢት ዘካድናሉ ሃናጺ ዝኾነ ኣኼባ፣ ወከልቲ ተቓወምቲ ውድባትን ወከልቲ ዝተፈላለያ ሲቪላዊ ማሕበራትን ዝተሳማማዓኦ ነጥብታት እውን ኣብዚ ዘተመርኰሰ ኢዩ ነይሩ:: መሪሕነት ኪዳን ኣብ ዲፕሎማስያዊ መዳያት ኣበርቲዑ ንኽንቀሳቐስ'ወን ኣኼበኛ ተላብዩ ነይሩ:: ናይ ሎሚ ምሕጽንታይ እውን ኣብዚ ዝተመርኰሰ ይኸውን::

ኣድሓኖም ፍትዊ

Comments: fitiwi@planet.nl